# መግለጺ ኣብ ብይን ዶባት
# ኤርትራን ኢትዮጵያን

13 ሚያዝያ 2002 ዓ.ም ነቲ ንዘመናት ብግቡእ ተሓንጺጹ ዘይፈልጥ ኣካራኻሪ ዝነበረ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ "ዘ ሄግ" ብዝተዋህበ ብይን ንዘሎን ንዝመጽእን ትውልዲ ወሰናስኑን እጆታኡን ፈሊጡ ቀሲኑ ንክነብር ዘብቅዐት ታሪኻዊት ዕለት ኢያ።

ይኹን እምበር ኩሉ ኤርትራዊ ካርታ ርእዩ ወይ ነቲ ብቋንቋ እንግሊዝ ዝተጻሕፈ ጭብጥታት ይኹን መርትዖታት ኣንቢቡ ብቐሊል ይርድኦ ማለት ኣይኮነን። ከምዚ ስለዝኾነ ካኣ ንመብዛሕትኡ ቁሩብ ድንግርግር ኢልዎ ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ በዚ ዓውደ መጽናዕቲ እዚ ብሰፊሑን ብደቂቑን ዘጽንዐ ዶ/ር ጊደዎን ኣባይ ኣብ ዝጥዕሞ እዋን ንከተማ ቦስቶን መጺኡ ነዚ ንከብርህ ኩሉ ሰብ ብመጠኑ ተረዲኡዎስ ሓደ ዓይነት ኣራኣእያ ክህልዎን ምእንቲ፣ ተሓቲቱ ብዘይ ሓደ ምኽንያት ወይ ዕጻይ ምጻጻይ ብሓጐስን ትሕትናን ደስ እናበለኒ ብማለት ንዕድሚኡ ተቐቢሉ ብቀዳም ዕለት 18 ሚያዝያ 2002 ዓ.ም ካብ ስዓት 6፥30 ድ.ቀ ጀሚሩ ንክልተ ሰዓታት ኣብ ኣዳራሽ ማ.ም.ኤ መግለጺ ሂቡ። ኣብዚ ብዝተኻእለ መጠን ሽማግለታት ማ.ም.ኤ ቦስቶንን ከባቢኣን ንኹሉ ተቐማጣይ ብዘይ ኣፋላላይ ተኸፋፊሎም ብምድዋል ነዚ ቅኑዕን ትምህርታዊን ሰሚናር እዚ ክካፈሎ ዓዲሞም ምንባሮም ምዝካር የድሊ። ስለዚ ከኣ ኢዩ ነዚ ቅኑዕን ትምህርታዊን ሰሚናር እዚ ኩሉ ክፈልጥን ብሩህ ናይ ሓባር ኣራኣእያ ክህልዎን ዝህንጠ ዝነበረ ዜጋ ንክካፈሎ ኣብ ሰዓቱ ተጓዒዩ ብተመስጦ ክሰምዕ ዘምሰየ። እቲ መግለጺ ቅድሚ ምጅማሩ ኣቦ መምበር ማ.ም.ኤ ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ ንዶ/ር ጊደዎን ኣላልይዎ። ቀጺሉ ጊደዎን ኮምፒተሩን ተዳልይሉ ዝነበረ "over head projector" ምስ PowerPoint ኣዋሃሂዱ ቅድም ብቃላት ፣ ካብ መበል 18 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ታሪኽ ዶባት ኤርትራን ዝነበሮ ኵነታትን ባዕዳውያን ገዛእቲ ምስቲ ተንኮላትን ጥቕምታትን መራሕቲ ኢትዮጵያ ኣብቲ እዋን እቲ ዝግበር ዝነበረ ውስብስባትን ቃላት እናጠማዘዝካ ይኹን ብልዓት እናተቐበልካ ነቲ ዶባት ከከም ዝጥዕመካ ምግልባጥ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዘመን ክሳብ መግዛእቲ ዘብቅዕ ከከም ዝጥዕሞም ይገላብጥዎ ምንባሮም ኣብሪሁ። ቀጺሉ እውን ብበዓል ንጉስ ሃይለ ስላሴ ብኻብኡ ፈሊኻ ዘይርአ ኵነታት ተሳኢሉ ብንዕኦም ዝጥዕሞም ሰፊሩ ጸኒሑስ፣ ድሕሪ ናጽነት እውን ወያኔ ብ 1997 ብዝገደደ ናይ ወረራን ግበታን ዝመስል፣ ሰፊሕ መርየት ካብ ደቡባዊ ምዕራብ ክሳብ ደቡባዊ ምብራቕ ብዝጥዕሞ መገዲ ግናዕ ምርየት ኣብዚ ግናዕ መርየት ኣብቲ ናብኡ ኣእትዩ ሓድሽ ካርታ ስኢሉ ከም ዝጸንሐ ብምጥቃስ፥ካብ ጥንቲ ክሳብ ሕጂ ንዝነበረ ኵነታት ኢንታ ብዘይርከቦ ኣገላልጻን ጽፉፍን ጽሩይን ትግርኛኡ ኮፍ ኣቢልዎ። ኣብዚ ጥራሕ መዓስ ደው ኣቢሉ! ኣስዒቡ ከኣ ብካብ ጥንቲ እተሳእሉ ማእለያ ዘይብሎም ማፓት ጀሚሩ ነቲ ብቃላት ዝገለጾ እንደገና ብደቂቑ ብካርታ ኣሰንዩ ክገልጾ ከሎ ከምዚ ንሕና ብኣካል ነቲ መርየት ንረግጾ ዘሎና ኰይኑ ክሳብ ዝስማዓና ጌሩና እንተበልኩ ምግናን ኣይኰነን።ነዚ ኩሉ ምስ ወድአ ከኣ ኮምሽን ብይን ካብ ምንታይ ነቒሉን ብኸመይ ነዚ ተዋሂቡ ዘሎ ውሳነታት ከም ዝሃቦ ብከምቲ ኣብቲ መጽሓፍ ጭብጥታት ዝገልጾ ገይሩ ብልዙብ ቋንቋ ትግርኛ ነዚ ንዘመናት ዝወሰደ ውስብስባት ብክልተ ሰዓት ግልህልህ ኣቢሉ ዕንባባ መሲሉ ከምዝራኣየና ጌሩ ገሊጽዎ።ገለጽኡ ምስ ወድአ ከኣ ንሓደ ሓደ ዘይበርሁን

ሕርኽርኽ ዝብሉና ጕዳያትን ከብርህ ንሕቶን መልስን ዕድል ሂቡ። ካብ ተኻፈልቲ ዝነቅል ዝነበረ ብጣዕሚ ብሱል ሕቶታትን በቲ ነቲ ቦታ ዝፈልጥዎ ሰባት ግቡእ ርኢቶታትን ከኣ ብጊደዎን ዝግብኦም መልስታት ይወሃቦም ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ጊደዎን ከም ዘስተባሃልኩሉን ኲይኑ ዝረኸብኩዎን ፍጹም ትሑት፣በሊሕ፣ተራ ሰብ፣ሓቀኛን ደፋር ዘየወላውልን ውልቀ ኣብ ርእሲ ምኳኑ ነዞም ኩሎም ኅቦታት፣ስንጭሮታት፣ሮባታት፣ታባታት፣ደንቤታት ይሹኑ ዓድታት ኤርትራ ብቃሉ ከም ኣብ ተይፕ ዝተቐርጹ ክሰምዮም ክትሰምዕ ከሎኻ ብጣዕሚ ድንጽው ኢዩ ዝብለካ። እሞ ዕበ ተወንጨፍ ንድልየትካን ፍቕሪ ዓድኻን ወሸኹሉ ኣጆኻ እናበልና ንዝለገስካልና ዓቢ ትምህርቲ ብዕዙዝ ምስጋና ቅድሚ ምፍላይና ንኻልኦት ምሁራት በብዓውደ ትምህርቶምን ፍልጠቶምን ከምዚ ናትካ ንኻልኦት ከካፍሉ ከተተባብዕ ንላቦ። ደጊመ ብስመይን ብስም ተኻፈልቲ ገለጻኻን ምስጋናይ ደረት ካም ዘይብሉ ክገልጸልካ እፈቱ።

**ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!**

ኣለም ገብረክርስቶስ

ቦስቶን